# ደጀን

*መቕድም*

ህዝብታት ብማጠን ዝገጠሞም ብድሆን ንዕኡ ንምስጋር ዝሓለፍዎ ተመኲሮን ነናቶም ፍሉይ ታሪኽ ኣለዎም። ዘመናዊ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሓደ ንጂኦ-ፓለቲካዊ ረብሓ ርእሰ-ሓያላን ተባሂሉ፡ ማሕል ርእሰ-ወሳንኡ ንናጽነት ዝተነፍጎ፡ ብቐጽሪ ኣዝዩ ውሑድ ህዝቢ፡ ብዘይ ዝኾነ ግዳማዊ ደገፍ፡ ኣብ ገዛእ ዓቕሙ ተመርኲሱን ተኣማሚኑን፡ ብኹሉ መዳይ ርእሱ ክኢሉ፡ ነዊሕን መሪርን ዕጥቃዊ ቃልሲ ብምክያድ፡ ዘይተኣደነ ደገፍ ሓያላን ዝነበሮም ተኸታተልቲ ሰርዓታት ሰዒሩ፡ ኣንጸባራቒ ዓወት ዝዓተረሉ ታሪኽ ብምዃኑ ፍሉይነት ኣለዎ።

እዚ ኣገራሚ ታሪኽ`ዚ፡ ብቐንዱ ቃልሲ ህዝቢ ንናጽነት መሪሑ ኣብ ዓወት ዘብጽሐ ወድብ ህዝባዊ ግንባር፡ ብወሽጣዊ ዓቕሙ ዓወት ህዝቢ ኤርትራ ንምርግጋጽ ብዝተኸተሎ ናይ ``**ርእሰ-ምርኮሳ**`` ስትራተጂ ዝተሃንጸ እዩ። ህዝባዊ ግንባር ብኹሉ መዳይ ርእሱ ንምኽኣል፡ ጠለባት ተጋዳላይን ህዝብን ብወሽጣዊ ዓቕሚ ንምማላእ፡ ኩለንተናዊ ብቕዓት ናይቲ ወድብ ንምሕያል ክፈጥሮ ዝኸኣለ ምዕቡል ደጀን፡ ኣብ ብዙሓት ሓርነታዊ ምንቅስቓሳት ዘይተራእየ ብርቂ ተርእዮ እዩ ነይሩ።

እቶም ብቐንዱ ኣብ ሳሕል፡ ከም መቐጸልታኡ ድማ ከከም ኣድላይነቱ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኤርትራ ተደኲኖም፡ ኣብ ትሕቲ ከቢድ ጸቕጢ ነፈርቲ ኩናት፡ ለይትን መዓልትን ዕዮኦም ዘሳልስሉ ዝነበሩ በብዓይነቶም ትካላት ደጀን ማለት፡ ጋራጃት፡ መስንዓት፡ ፋብሪካታት፡ ሆስፒታላት፡ ኣብያተ -ትምህርቲ፡ ማእከላት ሰልጠናን መጽናዕትን ምርምርን፡ ንኹሉ ፓለቲካዊ፡ ቀጠባዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን ንጥፈታት ሰውራ ዘወሃህድ ኣብያት -ጽሕፈት፡ መርበባት መራኸቢ ወዘተ። ከምኡ`ውን እቲ መትኒ ናይዚ ንጥፈታት`ዚ

ዝኪን ናይ መዛዕዝያ ትሕተ-ቕርጺታት ኣብ ወሸጡ፤ ኣብ ትንፋስ ዘይህብ ከቢድ ኩናት ዝተጸምደ ሓደ ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ክርከቡ ይኽእሉ`ዮም ኢልካ ክእመን ዝኽእል ኣይነበረን። እቲ ``ርእስኻ ምኽኣል!`` ``ንጸላኢ ብብረቱ ብጥይቱ!`` ዝብል ሓያል ኒሕ ዝተዓጥቀ ተጋዳላይ ግን፡ ክሰርሖ ዘይክእል ነገር ኣይነበረን።

እዚ፡ ብኣጋጣሚ ማብል 25 ዓመት ጽንብል ናጽነት ኤርትራ፡ ``ደጀን`` ብዝብል ኣርእስቲ ዝሕተም ዘሎ መጽሓፍ (5ይ ቅጺ ዛንታታት ተማኩሮ ገድሊ) እምበኣር፡ ንዝኽሪ ናይቲ መሪሕ ወድብ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ደጀኑ ሳሕል፡ ኣብ ንኡሳን ደጀናትን ደህሪ-መስመር-ጸላኢን ዘካይዶ ዝነበረ ንጥፈታት፡ ካብ ባሕሪ ብጫልፋ ንምንጽብራቕ ዝዓለመ እዩ። እብ ማእተዊ ናይዚ መጽሓፍ`ዚ፡ ደጀን ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብቲ ፈለማ መድረኽ ከመይ ኢሉ ከም እተመስረተ፡ ወድባዊ ቅርጺ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብኸመይ እናማዕበለ ብምምጻእ ኣብቲ ድሓር ዝበጽሖ ደረጃ ምዕባለ ከም ዝበጽሕ ዝገልጽ ሓበሬታ ብሕጽር ዝበለ ሜላክዕ ሰፊሩ ኣሎ። እዚ ሓፈሻዊ ታሪኻዊ ማእተዊ`ዚ፡ ኣብ ማእከል ምርምርን ሰነዳን ዝርከቡ ሰነዳት ህዝባዊ ግንባር፡ ንማሕበራት ገድሊን፡ ኣብ ዝተፈላለያ ክፍልታት ወድብ ዝነጥፉ ዝነበሩ ተጋደልትን ብምውካስ ዝተጻሕፈ እዩ።

ቀንዲ ትሕዝቶ ናይዚ መጽሓፍ`ዚ፡ እቲ ብጸሓፍትን ተረኽትን ቀሪቡ ዘሎ 35 ኣብ ሓቀኛ ፍጻመታት ምርኩስ ዝገበረ ሓጺር-ዛንታታት እዩ። እዞም ዛንታታት እዚኣቶም ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ቃልሲ ብኽፍልታት ወድብ ህዝባዊ ግንባር ዝካየድ ዝነበረ ንጥፈታትን፡ ካብቲ ኣብ ቅድመ-ግንባር ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ብዘይሰንፍ ኣብ ክፍልታት ወድብ ዝነበሩ ተጋደልቲ፡ ቃልሲ ንምዕዋት ብሓፈሻ፡ ዘጋጥም ዝነበረ ብደሆታት ሕጽረታትን ንምፍታሕ ዘርእዮዎ ዝነበሩ ተበላሕትነትን ዝገልጽ ኹይኖም ፡ ኣብ መቓን ናይቲ ኣብ ማእተዊ ብሓጺሩ ሰፊሩ ዘሎ ታሪኽ ክፍልታት ህዝባዊ ግንባር ኣእቲኻ ዝርኣዩ እዮም።

ታሪኽ ናይቶም ኣብ ደጀን ሳሕልን ኣብ ዝተፈላለየ ንኡሳን ደጀናትን፡ እንተላይ ኣብ ቅድመ-ግንባር ሜካ ተዋጋኢ ሰራዊት ብምስላፍ ብዙሕ ቅያታት ዝፈጸሙ ተጋደልቲ ክፍልታት ህዝባዊ

ግንባር፡ ኣብዚ ሓደ መጽሓፍ`ዚ ብምልኣት ክግለጽ ዘይክእል እኳ እንተ ኾነ፡ እዚ ቀሪቡ ዘሎ ዝኽርታት፡ ነቲ ኣብ ክፍልታት ህዝባዊ ግንባር ዝነበረ ገድላዊ ህይወትን መንፈስን ተጋዳላይ ብማጡኑ ክንጸባረቑ ትጽቢት ኣሰናዳኢ እዩ።

እዚ ብተበግሶ ኣሕተምቲ ሕድሪን ብምትሕባር ባህላዊ ጉዳያት ህ.ግ.ደ.ፍ.ን ዝተሰናደኣ መጽሓፍ`ዚ፡ ናይ ብዙሓት ካልአ ኣካላትን ወልቀሰባትን ኣበርክቶ`ወን ዝተሓወሶ እዩ። ክፍሊ ሰነዳን ምርምርን ህግደፍን ሚኒስትሪ ዜናን መወከሲ ጽሑፋት ከቓ ኣሳእልን ካርታታትን ብምቕራብ ትሕዝቶን ጽባቐን ናይዚ መጽሓፍ`ዚ ኣብ ምምዕራግ ከም ወትሩ ዓቢ ኣበርክቶ ገይሮም እዮም። ሚኒስትሪ ምክልኻል ብሓፈሻ ክፍሊ ኀስጓስን ሓበሬታን ድማ ብፍላይ፡ ከምኡ`ውን ማሕበራት ገድሊ፡ ዛንታታት ብምቕራብ ከቓ ንጸሓፍቲ ኣገዳሲ ሓበሬታ ብምስናቕ ዝገበሩዎ ምትሕብባር ከኣ፡ ነዚ ከቢድ ስራሕ`ዚ ኣብ ምዕዋት ዝነበሮ እጃም ቀሊል ኣይነበረን። በዚ ኣጋጣሚ`ዚ ንኹሎም ኣብ ምስንዳእ ናይዚ መጽሓፍ`ዚ ዝተሳተፉ ጸሓፍቲ፡ ኣዘንተውቲ፡ ኣርታዕትን ኣሰናዳእትን፡ ወሃብቲ ሓበሬታን መኣረምታን ልዑል ምስጋናና ነቕርበሎም።

ኣሰናዳእቲ